ዳንኤል 7
9 ኣነ ዝፋናት ክሳዕ ዚንበሮ እጥምት ነበርኩ፣ ሓደ ጥንታዊ ዝመዓልቱ ድማ ተቐመጠ። ክዳውንቱ
ጻዕዳ ከም በረድ፣ ጸጉሪ ርእሱ ኸኣ ከም ጽሩይ ጸምሪ እዩ። ዝፋኑ ሃልሃልታ ሓዊ፣ መንኰራኵሩ ድማ
ጕሁር ሓዊ እዩ።
10 ውሒዝ ሓዊ ይውሕዝ፣ ካብ ቅድሚኡ ኸኣ ይወጽእ ነበረ። ሽሕ ጊዜ ሽሕ የገልግልዎ፣ እልፊ ጊዜ እልፊ
ድማ ኣብ ቅድሚኡ ቈይሞም ነበሩ። ፍርዲ ኰነ፣ መጻሕፍቲውን ተገንጸለ።
13 ብራእያት ለይቲ እጥምት ነበርኩ፣ እንሆ ኸኣ ወዲ ሰብ ዝመስል ብደበና ሰማይ ይመጽእ ነበረ፣
ናብቲ ጥንታዊ ዝመዓልቱ ድማ በጽሔ፣ ናብ ቅድሚኡውን ኣቕረብዎ።
14 ኵላቶም ኣህዛብን ወገናትን ቋንቋታትን ኪገልግልዎስ፣ ግዝኣትን ክብርን መንግስትን ንእኡ
ተዋህበ። ግዝኣቱ ዘይሐልፍ ዘለኣለማዊ ግዝኣት እዩ፣ መንግስቱውን ከቶ ኣይክትጠፍእን እያ።

2ይ ቆሮንቶስ 5
1 እዛ ምድራዊት ናይ ድንኳን ቤትና እንተ ፈረሰት እኳ፡ ሓንቲ ህንጻ ካብ ኣምላኽ፡ ብኢድ
ዘይተገብረት ናይ ዘለኣለም ቤት ኣብ ሰማያት ከም ዘላትና፡ ንፈልጥ ኢና።
2-3 ምንም እኳ ልቡሳት እንተ ኾንና፡ ዕሩቓት ኴንና ኸይንርከብ፡ እታ ሰማያዊት ቤትና ኽንለብስ
እናናፈቕና፡ ኣብዚ ንደፋነቕ ኣሎና።
4 ንሕና ኣብዚ ድንኳን እዚ ኸሎናስ፡ እቲ መዋቲ ብህይወት ምእንቲ ኺውሐጥ፡ ኣብ ልዕሊኡ
ኽንለብስ እምበር፡ ክንቅንጠጥ ስለ ዘይንፈቱ፡ ከቢዱና ነስቈርቍር ኣሎና።
5 ግናኸ እቲ ነዚ ዘዳለወና፡ ዕርቡን መንፈስ ከኣ ዝሃበና፡ ኣምላኽ እዩ።
6-7 ስለዚ ኵሉ ሳዕ እሙንቶ ኣላትና፡ ብእምነት እምበር፡ ብምርኣይ ኣይኰንናን እንመላለስ ዘሎና
እሞ፡ ኣብ ስጋ ሰፊርና ኸሎና፡ ካብ ጐይታ ርሑቓት ከም ዝኾንና፡ ንፈልጥ ኢና።
8 ግናኸ እሙንቶ ኣላትና፡ ካብ ስጋ ግዒዝና ምስ ጐይታ ኽንነብርውን፡ ባህጊ ኣሎና።
9-10 ነፍሲ ወከፍና ነቲ ብስጋኡ ኸሎ ዝገብሮ፡ ሰናይ ኩነ ወይስ እከይ፡ ምእንቲ ኪቕበል፡ ኵላትና ኣብ
ቅድሚ መንበር ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ኽንግሃድ ኢና። ስለዚ ድማ ኣብ ስፍራና እንተ አሊና ወይስ ኣብ
ወጻኢ፡ ንእኡ ኽነሐጕሶ ንጽዕት አሎና።

ወ. ዮሐንስ 5
17 የሱስ ግና፥ ኣቦይ ክሳዕ ሕጂ ይገብር፡ ኣነውን እገብር አሎኹ፡ ኢሉ መለሰሎም።
18 ስለዚ ሰንበት ብምስዓሩ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንኣምላኽ ድማ ኣቦይ ብምባሉን ርእሱ ምስ ኣምላኽ
ብምምዕርራዩን ኪቕትልዎ ኣዝዮም ይደልዩ ነበሩ።
19 የሱስ መሊሱ በሎም፥ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ፡ ወድስ ኣቦኡ ኺገብሮ ዝረኣዮ እምበር፡
ካብ ርእሱ ሓንቲ ነገር እኳ ኺገብር ኣይከአሎን። ነቲ ንሱ ዚገብሮ ግብሪ እቲ ወዲ ድማ ከምኡ ዝበለ
ይገብር እዩ።
20 ኣቦ ንወዲ የፍቅሮ እዩ እሞ፡ ንሱ ዚገብሮ ዘበለ ኵሉ ድማ የርእዮ። ንስካትኩም ምእንቲ
ኽትግረሙ፡ ካብዚ ዝዓቢ ግብሪውን ከርእዮ እዩ።
21 ኣቦ ንምዉታት ከም ዜተንስኦም ህያዋንውን ከም ዚገብሮም፡ ወዲ ድማ ከምኡ ነቶም
ዝደለዮም ህያዋን ይገብሮም እዩ።
22-23 ኵሉ ሰብ ከምቲ ነቦ ዜኽብሮ ገይሩ ንወዲ ምእንቲ ኬኽብሮስ፡ ፍርዲ ዘበለ ንወዲ ሃቦ እምበር፡
ኣቦ ንሓደ እኳ ኣይፈርድን እዩ። እቲ ንወዲ ዘየኽብሮ ነቲ ዝለኣኾ ኣቦውን ኣየኽብሮን እዩ።
24 እቲ ንቓለይ ዚሰምዖን በቲ ዝለኣኸኒ ዚኣምንን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ። ንሱ ኻብ ሞት ናብ
ህይወት ተሳገረ እምበር፡ ናብ ፍርዲ ኸም ዘይበጽሕ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።

25 እቶም ምዉታት ድምጺ ወዲ ኣምላኽ ዚሰምዑላ ሰዓት ትመጽእ፣ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ፣ እቶም
ዚሰምዕዎ ድማ ህያዋን ኪኾኑ እዮም፣ ኢለ ብሓቂ፣ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።
26 ነቦ ብርእሱ ህይወት ከም ዘላቶ፣ ንወዱውን ከምኡ ብርእሱ ኽትህልዎ፣ ህይወት ሃቦ።
27 ወዲ ሰብ እዩ እሞ፣ ኪፈርድ ስልጣን ሃቦ።
28-29 ኣብ መቓብር ዘለዉ ኵላቶም ድምጺ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ፣ ሰናይ ዝገበረ ናብ
ትንሳኤ ህይወት፣ እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኪወጹ እዮም እሞ፣ በዚ ኣይትደነቑ።